ቤት ፅሕፈት ቤት ማዛጋጃ ከተማ ሓውዜን ግልጋሎት ፅሕፈት መሳርሒ፣ኤሌክትሮኒክስ ፣ማይ መስመር ፣ተሽከርከርቲ፣ፈርኒቸር፣ህንፃ መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ፤ ስለዚ እዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንኽትጫረቱ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መስከረም 16, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 2, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 2, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርከርቲ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይ 2010 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈለ ምኟኑ መረዳእታ ዘቕርብ

2 በቲ ዝተጠቀሰ ዘርፊ ኣግባብነት ዘለዎ ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ

3 መፍለይ ቁፅሪ ቲን ዝሐዘ ተወሳኺ እሴት ተመዝጋቢ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሰነ 2010 ዓ/ም ዲክላሬሽነ ዝተገበረሉ መረጋገፂ ዘቕርብ

4 ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ዘቕርብ

5 ናይ ውሕስና መኽበሪ ጨረታ 3000(ሰለስተ ሽሕ ብር) ጥረ ገንዘብ ወይ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ አብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕሰና (ሲፒኦ) ከትሕዝ ዝኽእል

6 ሰነድ ጨረታ ዘይምለሰ ብር 50 (ሓምሳ ብር) ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሓውዜን ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቁፅሪ 08 ምውሳድ ይከኣል።

7 ካብ ዕለት 14/01/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ናይ ባዕልና ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ብምምላእ ኩሎም ሰነዳት ስልጣን በዘለዎ ኣካል ተፈሪሙን ማህተም ተገይሩሉን ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት መቅረባይነት ናይ ጨረታ መኽበሪን ካልኦትን ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ካብ ቤት ፅሕፈትና ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሓውዜን ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ቁፅሪ 04 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ይኣቱ።

8 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 02/02/2011 ዓ/ም 4:00 ናይ ቅድሚ ሰዓት ተዓፅዩ ሽዑ ንሽዑ ሰዓት 4:30 ይክፈት።

9 ተጫራቲ ሰዓራይ ምኟኑ ካብ ዝተገለፁ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ስራሕ ውዕሊ ንምእሳር ፍቃደኛ እንተዘኮይኑን ካሊእ መምርሒ ዕደጋ ዝፈቀዶ ብዘይምፍፃሙን ቤት ፅሕፈትና ዝተትሓዘ ውሕሰና መኽበሪ ናይ ምውራስ መሰል ዝተሓለወ ምኟኑ

10 ሰዓራይ ውዕሊ አሲሩ ንብረት ኣታዊ እንተዘይገይሩ እቲ ኣታዊ ዘይተገበረ ንብረት ብሕድሕድ መዓልቲ 1/1000 ተቀፂው እቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣተዊ ይገብር።

11 ሰዓራይ ንዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ ወፃኢ መጓዕዝያ ብምሸፋን ኣብ ከተማ ሓውዜን ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንብረት ምምሕዳርን ኣጓዒዙ ዘቅርብ

12 እቲ ዘይሰዓረ ታጫራታይ ዘትሓዘ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብመሰረት መምርሒ ዕደጋ ይምለሰሉ

13 ብመምርሒ መሰረት ኣብ እንዕድጎ ንብረት ብመጠን 20% ክንውስኽን ክንቅስን ንኽእል ምኟና

14 ቤት ፅሕፈትና እቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0346-670524 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle